# ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ከተማ ሰቱትጋርት ተኻይዱ



ሽማግለ ፖለቲካዊ ውድባት፣ ሰልፍታት፣ ብርገሳውያን ማሕበራትን ግዱሳት ዘጋታትን ስቱትጋርትን ከባቢኡን ነቲ ኣብ ዕለት 20 የካቲት 2010 ንኹሉ ብጉዳይ ሃገሩን ህዝቡን ዝግደስ ኣብ ሰቱትጋርትን ከባቢኡን ዝርከብ ኤርተራዊ ዜጋ መደብ ጻውዒት ዝተገብረ ኣኼባአ ካብ ሰዓት 15፡30 ጀሚራ ክሳብ ሰዓት 20፡30 ኣካይዳ፡፡




ሽማግለ ነቲ ኣብ ስራሕ ካብ ዝተመዘዘትሉ ጊዜ ጀሚራ ዘሰላሰለቶ ስራሕ ብሐፈሻ በብሐደ ድሕሪ ምግላጽ ነቲ ኣኸበኛ ኣብ ኣሰራርሐአ ጉድለታት ይኹንይ ዕንቅፋታት ዘይተራእያ ብህዝቢ ርኡይ ክኸውን ሰለዝኽእል ኣብ ሕሉፍ ይኹን ንመጻኢ ኣሰራሐና ክጠቅም ዝኽእል ኣብ ሕቶ፣ ርኢቶን ለበዋን ኣቕሪባቶ፡፡ ኣኸበኛ ኣብቲ ዝተላዕለ ሕቶታትን ርእይቶታትን ብህድኣትን ብምሉእ ሐላፍነትን ተኻቲዑ ኣብ ከባቢኡ ብሐባር ኣድማዒ ስራሕ ክሰርሕ ወሲኑ፡፡




ኣኸበኛ ኣብ ኩሉ ህልዊ ኩነታት ሃገር ተዘራሪቡ ብፍላይ ድማ ነቲ ኣብ ልዕሊ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝተወስደ ዕቃበ ኣልዒሉ ዘትዩ፣ህዝብና ብሕጊ ኣልቦ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ ድላዩ ኣብ ውዑይን ዝሑልን ክጥበስ ከሎ ዝወርዶ ዘሎ ግፍዕታት፣ ዘለዎ ጸገማት፣ ከይሐትት፣ ርእይቶ ከይህብ ብአፉ ተታሒዙ ተአጊዱ ዓመታት ሐሊፍዎ ኣሎ፡፡ ነዚ ንገዛእ ህዝቡ ምእንቲ ስልጣኑ ክብል ኣብ ቤት



ማእሰርቲ ዘብሊ፣ ዘጥሚ፣ ባህሉን መንነቱን ከዳኸም ዝቃለስ አብ ጎረባብቲ ሃገራት ሰላም ዝኸልእ ጉጅለ እገዳ ይግብኦምበር ደንጉዩኳ ብምባል ድማ ቅኑዕ ምኻኑ ገሊጹ ሰበስልጣን ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ነቲ ብንጹር አብ ልዕሊኦም ዝተወሰደ እገዳ ከም አብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ዝተበየነ ገይሮም ብሐሶት ንህዝቢ አረዲኦም ነቲ አብ ምሉእ ዓለም አብተን ብሕግን ፍትሕን ደሞክረሲን ንህዝበን ዝመርሐ ሃገራት ተሰዲዱ ዝነብር ኤረተራዊ አብ ጀነቭ ሲዊዘርላንድ፣ አብ ዋሽንግቶን ዲ.ሲ. ሕቡራት ሃገራት አመሪካ አብ መልቦርነ አውሰትራልያ ንዕለት 22 የካቲት 2010 ዓ.ም. አንጻር ዕቃበ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ሃገራት ዓለም ብምፍርራሕን ታህዲድን አቤቱታኡ አብ ወረቐት ክፍርምን ብአካል አብ ሰለማዊ ሰልፊ ክሳተፍን ብናይ ውሽጣዊ ስለላኡ ገይሩ የገድዶ ስለ ዘሎ ነቶም ንምንዋሕ ስልጣን ዲክታቶርን ጉጅልኡን ከዓውቱ ንውጹዕ ህዝቢ ድማ ከዳኹሙ ተዋፊሮም ዘለዉ ሃሱሳት ካብ ኩሉ እከይ ተግባራቶም ጠጠው ዝብልሉ፣ ነቶም ብፖለቲካዊ ጉዳይ ዕቁባ ሐቲቶም ካብ ፖለቲካውያን ውድባት ናይ ደገፍ መሰነይታ ወረቐት ወሲዶም ብመንግስት ጀርመን ተቐባልነት ምስ ረኸቡ አብ ቤት ጽሕፈት ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ብምኻድ ምእዙዙነቶምን ደገፎምን ዝገልጹ ዘለዉ  መንእሰያት አብ ሕግን ፍትሕን ዝቐርብሉ ውሳኔታት ክወስድ ተሰማሚዑ፡፡

አብ ወጻኢ ሃገራት አብ ስደት ዝነብር ህዝቢ አብ ዘዘለዎ ከተማታት ሰለማዊ ሰልፊ ክገብር ክዕደም እቲ አብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ተቐባሊ ኩሉ ሕሰም ድማ ሰለዘይምልከቶ ትም-ክብል ምግባር መግለጺ ዲክታቶር ኢዩ፡፡ አብ ሐቂ ዝተመርኮሰ ተግባራት እንተዝ

ህልዎ ነቲ አብ ውሽጢ ዘሎ ህዝቢ አብ ከተማታት ሃገርን አብ አፍደገ ቤት ጽሕፈታት ናይ ዲፐሎማሲታትን ጠጠው ኢሉ ሐሳቡ ብሰለማዊ ሰልፊ ክገልጽ ከምዘለዎ ምግባር ምቐለለ ፡፡ ስለዚ አብ ስደት አብ ወጻኢ ሃገራት እትነብር ህዝቢ ብፖለቲካ ጥራይ አይኮነን ደገፍ ዝደልየካ ጸኒሑውን ብናይ ገንዘብ ሐገዝ ክቕጽል ምኟኑ ክትግምግም አሎካ፡፡

አኽባ ብሃናጺ ሓሳባትን ርእይቶታትን ጽቡቕ ምርድዳእን ሕሉፍ ስርሐቱ ገምጊሙ ንናይ መጻኢ መደባቱ ድማ ብመደብ ሰሪዑ አድማዒ ስራሕ ክሰርሕ ተበጊሱሎ፡፡

ዲክታቶርን ጉጅለ ህ.ገ.ደ.ፍን ብሐድነት ህዝቢ ክሰዓሩ ኢዮም፣
ዘለአለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉአትና፣
ሽማግለ፣ፖለቲካዊ ውድባት፣ ሰልፍታት፣ ሲቪካዊ ማሕበራትን ግዱሳት
ዜጋታትን ሰቱትጋርትን ከባቢኡን፣